# መን ደኣ የዘንቱ

ገለን ታሪኽ ሰናኒዓ ዛንታታት ትወራርቓ
ለቂባ ተኻኺባ ፊሊማት ሆሊውድ ትረቓቕዕ

እቲ ፈጻሚ ቅያ ከኣ ብርገዛእ ውዕሉኡ ክዕዘም
መዓስ ደኣ እዩ እሞ እቲ ረዚን ታሪኽ ክቕለም

በዱ ዝኽሪ እንከለና ስቡሕ ሽዕበት ዘይተዳህሰሰ
ኳዕናን ግምጃ እንከለና ሃየ እባ ወዙ ከይሃሰሰ
ነቲ ናይ ትማሊ እጹብ ዲንቂ መስተንክር

ሃየ እባ ሰብ ውዕለት ነዘንቱ ዝወዓለ እንድዩ ዝምስክር

ክሳብ መዓስ እርም የሰገር ስቕታ

ይኣክል ክሳብ መዓስ እዩ እኽሊ ብገበታ እንድዩ ሰብ ብዛንታ

ዴንቤንፉ ክብሉ የያን ሕሉፍ ታሪኽ እንዳ እንዳኣልዓሉ

ሰብ ህጡር ታሪኽ እንዲና ኣለና እንዶ ቅያ ብድንግሉ

እሞ ነዘንቱ እባ ኣብ ከብሕታት ልብና ንዘሎ

ሰብ ታሪኽ እንዲና ታ ሰብ መስተንክር ውዕሎ
ታሪኽ ብታሪኹ በዱ ሽዕበት ስቡሕ ለሰ

ደም ጀጋኑ ምንጪ ሓቑቕ ዛራ ነትዒ ዝፈሰሰ

ክሳብ መዓስ ትም እርም
ሃየ እባ ታሪኽና ንቐልም

ፍሊማት ጽውጽዋይ ዶ ደኣ መቂሩ ካብ ቲ ሓቀኛ ፍጻመ
ዛንታ እንከለና ቆፍኡ ዘምዓረ ገና ዘይተበርበረ

ነውስ ወከፍ ስድሪ ዛ መሬት ኣለዎ እንዶ ታሪኽ

መን ደኣ የዘንትዎ ንበል እባ ሎምስ ዕሕሕ

ከላእ ትተዓዘሞ ንምንታይ ብትም ንዕዘም

ቅያ ክንሰርሕ ክንብጆ ዶ ኣይኮናን ንቀዳደም

እሞ ደኣ መን የዘንቱ ታሪኽና እንዳበለሉ

ውዕሎ ጀጋኑ ዘራኽሱ ክብሪ ዛንታና እንዳ ዘናጠሉ

መንነትን ክብርን ዘናሽዉ ረሲኣን ሓሕ ንበሎም ደመ ርጉኣን እዋኑ እዚ እዋን

ኣሸናፊ ኣብርሃም ( ኣሼ)
26/ 01 /2017
ጀርመን